## ጋዜጣዊ መግለጺ ኮሚቴ ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ - ዓባይ ብሪጣንያ
## ብዛዕባ ህጹጽ መጸዋዕታ `ዓለምለኻዊ ተበግሶ ኤርትራውያን ንምድንፋዕ ሕዝባዊ ምንቅስቓስ።`

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ደቂ ሃገርና፥ "ዓለምለኻዊ ተበግሶ ኤርትራውያን ንምድንፋዕ ሕዝባዊ ምንቅስቓስ" ዜውጽእዎ፥ ናብ ኩሉ ኤርትራዊ ዘተኮረ ህጹጽ መጸዋዕታ ኩላትና ርኢናዮ ኣለና። ንኹላትና ኤርትራውያን ወኪሉ ብዓለምለኻዊ ደረጃ ዝነጥፍ ኣካል ንኽፍጠር እጃምና ክነበርክት ከምዝኾንና ደጋጊምና ገሊጽና ኔርና ኢና። እዚ ዓለምለኻዊ ተበግሶ ኤርትራውያን ንምድንፋዕ ሕዝባዊ ምንቅስቓስ ኣውጺኦምዎ ዘለዉ ህጹጽ መጸዋዕታ ድማ፥ ነቲ ካብ ነዊሕ ክንሰርሓሉ ዝጸናሕና ዕላማ ኬተግብር ዝሃቀነ መጸዋዕታ ስለ ዝኾነ፥ ሓንጎፋይ ኢልና ተቐቢልናዮ ኣለና። ንምዕዋቱ ድማ ዝካኣለና ክንጽዕር ምዃና ከነረጋግጽ ንፈቱ።

ከም እትፈልጡዎ ዕላማን ድልየትን ኮሚቴ ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ፥ ሕዝቢ ኣብ ከከባቢኡ ዘውክሎ መሪጹ ኮሚቴታት ከቕውም እሞ፡ እተን ብሕዝቢ ዝተመርጻ ኮሚቴታት ተጠርኒፈን ብዞባን ብደረጃ ዓለምለኽ ንሕዝቢ ዘውክል፡ ሕዝቢ ዘውንኖ ኣካል ክቘማ ዝብል እዩ። ብሸነኽና ንኹላትና ኤርትራውያን ወኪሉ ብዓለምለኻዊ ደረጃ ዝነጥፍ ኣካል ንኽፍጠር እጃምና ክንገብር ከምዝኾንና ኣቀዲምና ገሊጽና ኔርና ኢና። ኮሚቴና፥ ምስ "ዓለምለኻዊ ተበግሶ ኤርትራውያን ንምድንፋዕ ሕዝባዊ ምንቅስቓስ" ኣብ ዘካየደቶ ርክባት ዓለምለኻዊ ተበግሶ ኤርትራውያን ንምድንፋዕ ሕዝባዊ ምንቅስቓስ ነዚ ዕላማዚ ከሳልጥ ዝቖመ ሓይሊ ዕማም ከምዝኾነ ተረዲኣና። ነዚ መጸዋዕታዚ ክነዕውት ሓቢርና ክንጽዕር ተሰማሚዕና። ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ኤእጃሙ ኬበርክተሉ ድማ ጻዊዒትናን ለበዋናን ንገልጽ።

እዚ ዘለናዮ እዋን፡ ህላዌና ዝፋታተን ሓደገኛ መድረኽ በጺሑ ከምዘሎ ንኹሉ ጉዳይ ህዝቡን ሃገሩን ዘሕምሞ ዜጋ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ። በዚ መሰረት ከኣ እቲ "ዓለምለኻዊ ተበግሶ ኤርትራውያን ንምድንፋዕ ሕዝባዊ ምንቅስቓስ" ህጹጽ ዝበሉዎ መልእኽቲ ነዚ ዘለናዮ ግዜ ዝግባእ መጸዋዕታ ምዃኑ ዳርጋ ኩላትና ኤርትራውያን ንሰማማዕ ኢና ዝብል እምነት ኣለና። ኩሉ ግዱስ ኤርትራዊ ግቡእ ኣቓልቦ ሂቡ፡ በብዓቕሙ ድማ ነዚ ዘለናዮ ዘመን ኣፈርክቡ ዝመጣጠን እዋናዊ ምላሽ ክህበሉ ሰብ ምሉእ ተስፋ ኢና።

ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ኤርትራውያን ኣሓትናን ኣሕዋትናን፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝወርድ ዘሎ ስቓይን፡ ውርደትንት፡ ሞትን ብፍጹም መወዳድርቲ ኣይርከቦን ኢዩ። በዚ ዘለናዮ እንተቐጺልና፥ ሃገርና ተጓሕጒሓ ክትበርስ ኢያ። ክሳዕ ሕጂ ክንደይ ዓድታት ባዲመን ከምዘለዋ ምግማቱ ኣየጸግምን ኢዩ። ብዙሓት ደቂ ሃገርና እንተሓለፈሎም ኢሎም ካብ ሃገሮም ምስ ወጽኡ ዜጋጥሞም ዘሎ ሓደጋታትን፡ ውርደትን፡ ስቓይን፡ መጭወይትን መሸጣን ቅትለትን ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነ። ኤርትራዊ ዜጋ፣ ፍትሕን ጥቁው ምሕደራን ተሓሪሙዎ፥ ብዙሓት ዜጋታትና ብዘይፍርዲ ኣብ ማሕዩር ይበልዩን ይሞቱን ኣለዉ። እዚ ዘለናዮ ኩነታት፡ ይትረፍዶ ከም ናትና ዝበለት ንእሽቶ ሃገር፡ ዋላ ዓብይን ብዙሕ ሕዝቢ ዘሎወን ሃገራትውን ክጻወሮኦ ኣይክእላን እየን። ከምዚ ኢልና ነዊሕ ክንጸንሕ ኣይንኽእልን ኢና። እዚ እዩ ድማ ነዚ ዘለናዮ እዋን፥ "ዘመን ኣፈርክቡ" ዜብሎን "ህጹጽ" ረድኤት ከኣ ዜድልዮን። እዚ ብባህሪ ዘይኮነ ብሰብ ዝተፈጥረ ከቢድ ሓደጋ፡ ብዘይካ ንሕና ብገዛእ ርእስና፡ ከናግፈና ዝኽእል ዝኾነ ኣካል የለን።

ብተመሳሳሊ፡ ኣብ ካልኦት ሃገራት እትርከቡ ኤርትራውያን ኣሓትናን ኣሕዋትናን፥ ብዘይ ኣፋላላይ ተሓጋጊዝኩም ወከልትኹም መሪጽኩም፡ ባዕላትኩም እትውንኑዎ ትካል ክተቘሙ ብትሕትና ንላበወኩም። በብዘለኹምዎ ብደረጃ ሃገር ወከልቲ እንተ መሪጽኩም፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት እንርከብ ኤርትራውያን ተሓባቢርና፥ ሓደ ድልዱል ንኹላትና ኤርትራውያን ዘውክለና ኣካል ክንፈጥር ክንበቅዕ ኢና። በዚ መንፈስ`ዚ ነቲ "ዓለምለኻዊ ተበግሶ ኤርትራውያን ንምድንፋዕ ሕዝባዊ ምንቅስቓስ" ኣቕሪቦምዎ ዘለዉ ህጹጽ መጸዋዕታ፡ ህጹጽነቱ ተረዲእና ክንድግፎን ክንሠርሓሉን ክነዐውቶን ብምሉእ ሓይልና ክንሰርሕ ግቡእ ይመስለና።

ሕዝብና ክነድሕን፡ ክብረትና ክንመልስ፡ ህላዌና ክነረጋግጽ እንተደሊና፥ ሕዝቢ ኤርትራ ዘውንኖ፡ ብሕጊ ዝግዛእ፡ ብግሉጽነትን ተሓታትነትን፡ ብደሞክራስያዊ ኣገባባት ዝምራሕ ኣካል ክነቕውም ይጽናሕ ዘይባሃል መሰረታዊ ፍታሕ ኩሉ ጸገማትና እዩ።

ኣሕዋትኩም
ኮሚቴ ሓድነት ኤርትራውያን ንፍትሒ - ዓባይ ብሪጣንያ
28 ጥቅምቲ 2017 ዓ.ም.ፈ.